# መግለጺ ብሕትና ማለት ምዕቓብ ምስጢር ውልቓዊ ሓበሬታታት

ንሕና ናትና ኣገልግሎት ንምቕራብ ነቲ ናትኩም ውልቓዊ ሓበሬታታት ነመስርሖ ማለት ንጥቀመሉ ኢና። ነቲ ናትኩም ውልቓዊ ሓበሬታ ብኸመይ ከም እንሕዞ ንዓኹም ንምሕባር፣ ንሕና ነዚ መግለጺ ብሕትና ማለት ምዕቓብ ምስጢር ውልቓዊ ሓበሬታ ኣዳሊና ኣለና።

እዚ መግለጺ ብሕትና መጠረሽታ ግዜ ብዕለት 1 ግንቦት 2018 ተስተኻኺሉ።

## መወከሲ ሓበሬታታት

እቲ ውልቓዊ ሓበሬታታት ዘመስርሖ እዚ ዝስዕብ እዩ፣

ሞንዶ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል-ቋንቋ [*Mondo taalbureau B.V.]*
ኦፈንባኽላን *30* [*Offenbachlaan 30]*
*4384 ME* ፍሊሲንገን [*4384 ME Vlissingen]*
ቁጽሪ ቤት-ምኽሪ ንግዲ [*K.v.K.-nummer]: 66021073*
በዓልቲ መዚ ውሕስነት ብሕትና
ወይዘሮ ኤ. መየር *[E. Meijer]*
ኢ-መይል*: mondo@zeelandnet.nl*
ቁጽሪ ተሌፎን*: 0118-472798*

## ምጥቃም ውልቓዊ ሓበሬታታት ብሞንዶ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል-ቋንቋ

ሞንዶ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል-ቋንቋ ካባኹም ሓበሬታ ይቕበል፣ ንኣብነት ንስኹም ብመንገዲ መርበብ ሓበሬታ፣ ኢ-መይል፣ ተሌፎን፣ ኣፕ [app] ጌርኩም ዝሃብኩምና። ብተወሳኺ ንሕና ናትኩም ውልቓዊ ሓበሬታ ካብ ሳልሳይ ኣካላት ምስ ናትና ኣቕርቦት ኣገልግሎት ዝተተሓሓዘ እውን ንቕበል ኢና።

## ውልቓዊ ሓበሬታታት

ሞንዶ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል-ቋንቋ ነዞም ዝስዕቡ ክፋላት ውልቓዊ ሓበሬታታት የመስርሕ፣

- ሓበሬታታት ስም፣ ኣድራሻ፣ መንበሪ ቦታ
- መወከሲ ሓበሬታታት፣ ከም በዓል ኢ-መይልን ቁጽሪ ተሌፎናትን
- ዕለት ልደትን ቦታን
- ጾታ
- ናይ ነባራይ ኣገልግሎት ቁጽሪ [BSN] (ሕጊ ምውህሃድ ንዝምልከቶም ተመሃሮ)
- ናትኩም ደረጃ ትምህርትን ዝሓለፈ ናይ ስራሕ ተሞክሮን ዝምልከት ሓበሬታ
- ናትኩም ምዕባለታት ትምህርትን ውጽኢት ፈተናን ዝምልከት ሓበሬታ

## መዓላታት

ሞንዶ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል-ቋንቋ ነዚኦም ሓበሬታታት ንዝተፈላለየ መዓላታት የመስርሖም ማለት ይጥቀመሎም፣ከም በዓል፣

- እቲ ርክብ ንምቕጻል፤
- ብቑዕ ስልጠና ወይ ትምህርቲ ንምቕራብ፤
- ሓደ ጽቡቕን ብቑዕን ኣገልግሎት ንምሃብ፤
- ናይ ተመሃሮ ፋይል ንምምሕዳር፤
- ምምሕዳራዊ ዕማማት ንምትግባር፣ ከም በዓል ውጥን፤
- ዝሰማማዕ ምኽሪ ኣብ ምሃብ፤
- ንዓማዊል ዘለና ተሓታትነትን እንቕርቦ ኣገልግሎት ንምምሕያሽን ጸብጻባትን መጽናዕትን ምግባር
- ንቕብሊታት ወይ ፋክቱራት፤
- ክፍሊት ኣብ ምእካብን ምውሳድ ስጉምትታት ዕዳ ንምእካብ፤
- ምእዘዛ ንሕጋዊ ግዴታታት፤

- ምልውዋጥ ሓበሬታታት ምስ ፈጻሚ ኣገልግሎት ትምህርቲ ናይ ምኒስትሪ ትምህርቲ፣ ባህሊን ስነ-ፍልጠትን (ሕጊ ምውህሃድ ንዝምልከቶም ተመሃሮ)

## ምኽንያት ባይታ

ነቲ ምሳኹም ዘለና ስምምዕ ንምፍጻምን ከምኡ እውን ንምምእዛዝ ሓደ ሕጋዊ ግዴታን፣ ንኣብነት ከም በዓል ውሳኔ ምውህሃድ፣ ንሕና ዝተወሰነ ውልቓዊ ሓበሬታታት ነመስርሕ ማለት ንጥቀም።

ከምኡ እውን ንሕና ርትዓዊ ዝኾነ ረብሓ ናይ ሞንዶ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል-ቋንቋ ስለ ዘሎ እውን ንውልቓዊ ሓበሬታታት ነመስርሖ ኢና። እዚኦም ርትዓውያን ረብሓታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ናይቲ ትካል ቐረብ ኣገልግሎት ብዝተኻእለ መጠን ብስሉጥ ኣገባብ ንምቕራብ ምኽኣል፣
- ንናይቲ ትካል ፋይናንሳዊ ረብሓታት ንምውሓስ፣
- ምምሕያሽ ናይቲ ትካል ኣገልግሎታት፣
- ውሕስነትን ምምሕዳርን ናይቲ ትካል ስርዓት፣

እንተድኣ ውልቓዊ ሓበሬታታት ብመሰረት ፍቓድ ዝምስራሕ ኮይኑ፣ እዚ ብፍሉይ ከምዝሕተት ክግበር እዩ።

## ንሳልሳይ ኣካል ምትሕልላፍ

ምስ ናቱ ምሃብ ኣገልግሎት ብዝተሓሓዝ ሞንዶ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል-ቋንቋ ውልቓዊ ሓበሬታታት ክለዋወጥ ይኽእል እዩ። ሞንዶ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል-ቋንቋ ነቶም ኣብዚ ኣቐዲሞም ዝተጠቕሱ መዓላታት ናይ ሳልሳይ ኣካላት ኣገልግሎት ክጥቀም ይኽእል እዩ፣ ከም በዓል ኣቕረብቲ ተክኖሎጂ-ሓበሬታ ንናትና መርበብ ሓበሬታን ስርዓት-ኮምፒተራትን፣ ትካላት ወይ ቤት ጽሕፈታት ፈተና ወይ ዝተዋፈሩ ነጻ ሞያተኛታት። ምስ እዚ ብዝተሓሓዝ ነዚኦም ሳልሳይ ኣካላት ውልቓዊ ሓበሬታታት ክወሃቦም ይኽእል። እዞም ሳልሳይ ኣካላት ነቲ ናትኩም ውልቓዊ ሓበሬታታት ነቶም ኣቐዲሞም ዝተጠቕሱ መዓላታት ጥራይ እዮም ክጥቀሙሉ ዝፍቐደሎም።

ኣብ መወዳእታ ሞንዶ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል-ቋንቋ ሕጋዊ ግዴታ ከማልእ ኣለዎ እንተኾይኑ ናትኩም ውልቓዊ ሓበሬታታት ንሳልሳይ ኣካላት እውን ክህብ ይኽእል እዩ። ሞንዶ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል-ቋንቋ ንንግዳዊ ይኹን ንግብረ ሰናይ ዕላማታት ናትኩም ውልቓዊ ሓበሬታታት ኣይህብን እዩ።

## ንኽንደይ እዋን ንሕና ንናትኩም ውልቓዊ ሓበሬታታት ንዕቅቦም

ሞንዶ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል-ቋንቋ ናትኩም ውልቓዊ ሓበሬታታት ካብቲ ኣብዚ መግለጺ ብሕትና ተጠቒሶም ዘለዉ መዓላታት ዘድልይሉ ንላዕሊ ኣየመስርሖን እዩ። ስለዚ ናትኩም ውልቓዊ ሓበሬታታት ንዝተጠቕሱ መዓላታት ኣድለይቲ ክሳብ ዝኾንሉ እዋን ክዕቀቡ እዮም።

ዝተወሰኑ ሓበሬታ ንንውሕ ዝበለ እዋን ክዕቀቡ ኣለዎም ምኽንያቱ ሞንዶ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል-ቋንቋ ሕጋዊ ናይ ምዕቃብ ግዴታታት ክኽብር ስለ ዘለዎ፣ ከም በዓል ፊስካላዊ ግዴታ-ምዕቃብ።

## ንሕና ብኸመይ ናትኩም ውልቓዊ ሓበሬታታት ውሑስ ንገብሮ

ንሕና ነቲ ናትኩም ውልቓዊ ሓበሬታታት ካብ ስርቕን ከምኡ እውን ዘይተፈቕደሎም ኣካላት ውልቓዊ ሓበሬታኹም ንኸይርእይዎን ውሑስ ክኸውን ኣገዳሲ ኮይኑ ንረኽቦ። ስለዚ ከኣ ሞንዶ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል-ቋንቋ ኣድለይቲ ዝኾኑ ናይ ውሕስነት ስጉምትታት ወሲዱ ኣሎ።

## ናትኩም መሰላት

ንስኹም ንሞንዶ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል-ቋንቋ ነቲ ናትኩም ውልቓዊ ሓበሬታታት ንኽትርእይዎ ክትሓቱ መሰል ኣለኩም። ሕቶኹም ካብ ዝተቐበልናሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 1 ወርሒ ሓደ ጸብጻብ ውልቓዊ ሓበሬታኹም ይወሃበኩም። እንተድኣ ዝኾነ ጌጋታት ሃልይዎ ንስኹም ነቲ ናትኩም ሓበሬታ ከተስተኻኽልዎ፣ ክትምልእሉ፣ ክትስርዝዎ ወይ ክትክልልዎ ትኽእሉ።

ከምኡ እውን ንስኹም ንሞንዶ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል-ቋንቋ ንምዝውዋር ናትኩም ውልቓዊ ሓበሬታታት ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም ወይ ብምኽንያት ፍሉይ ውልቓዊ ኩነታት ንምምስራሕ ናትኩም ውልቓዊ ሓበሬታታት ክትቓወሙ ትኽእሉ ኢኹም።

ብዛዕባ እዚ መግለጺ ብሕትና ሕቶታት እንተለኩም ወይ ብዛዕባ ምምስራሕ ውልቓዊ ሓበሬታታት ሕቶ እንተለኩም ናብ በዓልቲ መዚ ውሕስነት ብሕትና ክትልእኽዎ ትኽእሉ ኢኹም።

እንተድኣ ንስኹም ብዛዕባ ምምስራሕ ናትኩም ውልቓዊ ሓበሬታታት ብሞንዶ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል-ቋንቋ ጥርዓን ኣለኩም ኮይኑ ንዓና ከተፍሉጥና ብትሕትና ንሓተኩም። እንተድኣ ንሕና ምሳኹም ብሓባር ዘይፈታሕናዮ ንስኹም ናብ እቲ ምክልኻል ብሕትና፣ በዓል-መዚ ውልቓዊ ሓበሬታታት ጥርዓንኩም ከተእትዉ መሰል ኣለኩም። ንስኹም ንናይ ሃገረ ኔዘርላንድ በዓል-መዚ ምክልኻል ውልቓዊ ሓበሬታታት ብዛዕባ እዚ ክትወከሱ ትኽእሉ።

## ለውጥታት መግለጺ ብሕትና

እዚ መግለጺ ብሕትና ንመወዳእታ ግዜ ብዕለት 1 ግንቦት 2018 ተስተኻኺሉ።

ሞንዶ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ትካል-ቋንቋ ነዚ መግለጺ ብሕትና ከመዓራርዮ ይኽእል እዩ። ሓደስቲ መግለጺታት ኩሉ ግዜ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ይዝርግሑ እዮም። ስለዚ ምእንቲ ኩሉ ግዜ ናይዞም ለውጥታት ሓበሬታ ክህልወኩም ብቐጻሊ ነዚኦም መግለጺታት ብምክትታል ክትውከስዎም ንሕና ንመክር።